BBC LEARNING ENGLISH

# Essential English Conversation

## ምስ ሓደስቲ ሰባት ምርኻብ:
## ስራሕካ እንታይ'ዩ?

*This is not a word-for-word transcript.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሰላም፡ እንቋዕ ናብ መደብ Essential English Conversation, ብድሓን መጻእኩም። እዚ መደብ'ዚ ተምሃሮ ቋንቋ እንግሊዝኛ ከሓልፈኩም ዘይግባእ ኣዝዩ ኣገዳሲ ትምህርቲ ሒዘልኩም ቀሪቡ'ሎ። ኣብዚ ክፍለ-ትምህርቲ'ዚ እንታይ ዓይነት ስራሕ ከም እትሰርሑ ንኽትሕብሩ ዚሕግዙ ምሉኣት-ሓሳባት ክትምሃሩ ኢኹም።

ክልተ ሰባት ስራሖም እንታይ ምዃኑ ንሓድሕዶም ክተሓተቱ ከለዉ ኣዳምጹ።

***Amanda***
*Hi James. What do you do?*

***James***
*I'm an engineer. How about you, Amanda?*

***Amanda***
*I'm a farmer.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ክብድ ዝበለ እንተመሲሉ፡ ኣይትሻቐሉ። እዚ ዝርርብ ከፋፊልና ብምቕራብ ንኽትለማመዱሉ ክንሕግዘኩም ኢና።

እታ ቀዳመይቲ ተዛራቢት "ስራሕካ እንታይ'ዩ?" ኢላ ሓቲታ። 'What do you do?' እዚ ብቋንቋ እንግሊዝኛ ሰባት ስርሖም እንታይ ምዃኑ ንምፍላጥ እንጥቀመሉ ሕቶ'ዩ። ቅድም ኣዳምጹ፡ ድሕሪኡ ነቲ ሓረግ ድገሙ።

*What do you do?*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እቲ ካልኣይ ሰብ "ኣነ መሃንዲስ እየ" ኢሉ መሊሱ። 'I'm an engineer.' ኣብ መልስኹም 'ኣነ ...' ክትብሉ ትኽእሉ። 'I'm…' ኣስዒብኩም ከኣ ስም ስራሕኩም ወስኹሉ።

ቅድም ኣዳምጹ፡ ድሕሪኡ ነቲ ሓረግ ድገሙ።

*I'm an engineer.*

**ኣቕራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እቲ ካልኣይ ሰብ ድማ ነታ ቀዳመይቲ ሰብ ተመሳሳሊ ሕቶ ሓቲቱዋ። ተመሳሳሊ መልሲ ንምርካብ እንተ ደኣ ደሊኹም፡ ከምዚ ዝስዕብ ክትብሉ ትኽእሉ - 'ንስኺ'ኸ?' 'How about you?'

ቅድም ኣዳምጹ፡ ድሕሪኡ ነቲ ሓረግ ድገሙ።


© British Broadcasting Corporation 2018

*How about you?*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
እታ ቀዳመይቲ ሰብ ኣብ ሞያ ሕርሻ ዝተዋፈረት ስለ ዝኾነት፡ ኣነ 'I'm…' ብምባል 'ሓረስታይ' ዚብል ሓረግ ወሲኻትሉ። 'a farmer'.

ቅድም ኣዳምጹ፡ ድሕሪኡ ነቲ ሓረግ ድገሙ።

*I'm a farmer.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ሕጂ ነቲ ዝተባህለ ብግቡእ ንምኽላስ ካልኦት ሰባት ብዛዕባ ስርሖም ክዛረቡ ከለዉ ስምዑ።

ክሌር መምህር እያ 'a teacher' ኣሊስ ድማ ኣሸያያጢት'ያ 'a salesperson'.

*Hi Claire, what do you do?*

*I'm a teacher. How about you, Alice?*

*I'm a salesperson.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ማርክ ነዳቓይ እዩ 'a builder' ፒት ድማ ሓኪም 'a doctor'.

*Hi Mark, what do you do?*

*I'm a builder. How about you, Pete?*

*I'm a doctor.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ሕራይ'ምበኣር፡ እስከ ሕጂ ደጊምና ንፈትን። ነቶም ምሉኣት-ሓሳባት ድሕሪ ምስማዕ ድገሙዎም።

*Hi James, what do you do?*

*I'm an engineer.*

*How about you, Amanda?*

*I'm a farmer.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም! ነቲ ዝተምሃርክሞ ናይ እንግሊዝኛ ሓሳባት ክሳዕ ክንደይ ከም እትዝክርዎ ንርአ።ነቶም ምሉኣት-ሓሳባት ብትግርኛ ድሕሪ ምስማዕ ናብ እንግሊዘኛ ተርጒምዎም።


© British Broadcasting Corporation 2018

ሰላም ጀይምስ፡ እንታይ'ዩ ስራሕካ?
*Hi James, what do you do?*

ኣነ መሃንዲስ እየ።
*I'm an engineer.*

ንስኺኸ፡ ኣማንዳ?
*How about you, Amanda?*

ኣነ ሓረስታይ እየ።
*I'm a farmer.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ግርም። ሕጂ ንብምሉኡ ምሉኣት-ሓሳባት ደጊምኩም ኣዳምጹ።

***Amanda***
*Hi James, what do you do?*

***James***
*I'm an engineer. How about you, Amanda?*

***Amanda***
*I'm a farmer.*

**ኣቐራቢ ቋንቋ ትግርኛ**
ንፉዓት! ሕጂ፡ ብእንግሊዘኛ ስራሕኩም እንታይ ምዃኑ ክትገልጹን ካልኦት ዝተዋፈሩሉ ስርሓት ክትውከሱን ትኽእሉ'ኹም። ዝተመሃርኩምዎ ደጋጊምኩም ምልምማድ ግን ኣይትረስዑ። መሓዛ ኣናዲኹም ብእንግሊዝኛ ስርሖም እንታይ ምዃኑ ብምዉካስ፡ ስራሕኩም ከኣ እንታይ ምዃኑ ብምግላጽ ተለማማዱ።
ኣብቲ ዝቕጽል መደብ Essential English Conversation ምሳና ክትህልዉ ተስፋ ንገብር። Bye for now!


© British Broadcasting Corporation 2018